UK Health Security Agency

NHS

## መምርሒ ወፍሪ ጽድያ

# ነቶም 1 ዓመት ዝዕድሚኦም



ካብ መስከረም 2024 ጀሚሩ እቲ ክታበት መደብ ዝተታሕዘሉ መልክዕ

immunisation

the safest way to protect your child

# መደባት ክታበት ቆልዑት

ኣብ ነፍሲ ወከፍ ቆጸራ እቲ ናይ ክታበት ቀይሕ መጽሓፍ ክትማልኡ ከም ዘለኩም ዘክሩ።




ቅዳሕ ናይዘን ነአሸቱ መጻሕፍቲ ኣብ ክሊኒኩም ወይ ካብ ናይ መጥባሕቲ ሓኪምኩም ክትረኽቡ ትኽእሉ። ብተወሳኺ ኣብ **www.nhs.uk/vaccinations** ተመልከቱ

ኣዚ ተበታኒ ወረቐት እዚ ነቲ ካብ መስከረም 2024 ጀሚሩ ዝነበረ መደብ ክታበት ዝሓዘ እዩ

# ጽማቕ

## ውላደይ ኣብ መበል ሓደ ዓመት ዕድሚኡ ኣየኖት ክታበት ክወስድ ኣለዎ/ክትወስድ ኣለዋ?

ውሉድኪ/ውሉድካ ኣብ መበል ሓደ ዓመታ/ዓመቱ  ኣብ ግዜ ክታበት 4 መርፍእ ይውጋእ/ትውጋእ፣ ነዞም ዝስዕቡ ድማ የጠቓልል፤

- ናይ **MenB** መበራትዒ ክታበት
- **Hib/MenC**  ክታበት ኣንጻር፤
  - Hib (ሂሞፊሉስ ኢንፍሉኣንዛ ዓይነት b)፣ ከምኡ ውን
  - ጉጅለ C ብባክተሪያ ዝስዕብ ሕማም ኣንቅጺ (MenC)
- ናይ **PCV13** መበራትዒ ክታበት ኣንጻር፤
  - ብባክተሪያ ዝስዕብ ሕማም ኒሞንያ ብዝተወሰኑ ዓይነታት ናይ ኒሞንያ ባክተሪያ ይስዕብ
- ናይ መጀመርታ ናይ **MMR ንፍዮ ጀርመን** ክታበት ኣንጻር፤
  - ንፍዮ
  - ሕማም ጽግዕ
  - ንፍዮ ጀርመን፣ ንፍዮ ጀርመን



# ክታበታት ነቶም
# ሓደ ዓመት ዝዕድሚኦም

## ካብ Hib፣ ብባክተሪያ ዝስዕብ ሕማም ኣንቅጺ ጉጅለ B ከምኡ ውን C፣ ብባክተሪያ ዝስዕብ ሕማም ኒሞንያ፣ ንፍዮ፣ ሕማም ጽግዕን፣ ንፍዮ ጀርመንን ዝከላኸልንፍዮ ጀርመን

### Hib እንታይ እዩ?

Hib ማለት ዝተፈላለዩ ዓበይቲ ሕማማት ዘኸትል፣ ብፍላይ አብ ነአሸቱ ቆልዑ ከም ኣንቅጺ (ነድሪ ሽፋን ሓንጎል)፣ ረኽሲ ደምረኽሲ ደም (ምረዛ ደም) ከምኡ ድማ ኒሞኒያ ዘስዕብ ረኽሲ ኢዩ።

እዚ ናይ Hib/MenC ክታበት Mentorix ይበሃል፣ ኣብ'ዚ ገጽ መርበብ እዚ ብምእታው ነቲ ንዕኡ ዝምልከት ንተሓከምቲ ሓበሬታ ዘስንቕ በራሪ ጽሑፍ ከተንብብዎ ትኽእሉ ኢኹም፦ www.medicines.org.uk/emc/product/167/pil።

### ብባክተሪያ ዝስዕብ ሕማም ኣንቅጺ እንታይ ኢዩ?

ብባክተሪያ ዝስዕብ ሕማም ኣንቅጺ ማለት ሓደገኛ ረኽሲ ኮይኑ ንቆልዑን መንእሰያትን ሕማም ኣንቅጺኣንቅጺን ረኽሲ ደምን ዘስዕብ ኢዩ።

ጉጅለ B ብባክተሪያ ዝስዕብ ሕማም ኣንቅጺ (MenB) አብዚ እዋን አብ UK ዝለዓለ ሕማም ብባክተሪያ ዝስዕብ ሕማም ኣንቅጺ የስዕብ፣ እዚ እንተኾነ ውን ብባክተሪያ ዝስዕብ ሕማም ኣንቅጺ ጉጅለ C (MenC) ብዙሕ ተርእዮ የብሉን ምኽንያቱ ቆልዑን መንእሰያትን ስሩዕ ክታበት አንጻር MenC ስለዝወሃቡ ኢዩ።

እዚ ናይ MenB ክታበት Bexsero ተባሂሉ ይጽዋዕ፣ ኣብ'ዚ ገጽ መርበብ እዚ ብምእታው ነቲ ናይ ተሓከምቲ ሓበሬታ ዘስንቕ በራሪ ጽሑፍ ከተንብብዎ ትኽእሉ ኢኹም አብ www.medicines.org.uk/emc/product/5168/pil።

## ኣየናይ ዓይነት ክታበት እዩ ዝወሃብ?

ውላኣድኪ/ውላድካ ዝተሓዋወሰ መጠንመጠን ክታበት ናይ Hib/MenC ክታበትን መበራትዒ መጠን ክታበት ናይ MenB ክታበት ክወስድ/ክትወስድ እዩ/እያ። እዚ ክታበት ኣብ ሰለፍ ወይ ካኣ ኣብ ላዕላዋይ ኢድ ጭዋዳ ዝወሃብ ኢዩ።

## ውላደይ ንምንታይ መበራትዒ ክታበት የድልያ/የድልዮ?

መበራትዒ ክታበት ነቲ ኣቐዲሙ ውላድኪ ዝወሰዶ ክታበታት መከላኸሊ ንምዕባይ ዝወሃብ እዩ። እቲ ብክታበት ናይ ዕሸላት ዝተዋህበ መከላኸሊ ድሕሪ ገለ እዋናት ክደክም ይኽእል። መበራትዒመጠን ክታበት መጠን ክታበት ኣብ ዳሕራይ ናይ ህይወት ግዜ ናይ ምክልኻል እዋን የናውሕ።

## እቲ ናይ Hib/MenC ከምኡ ውን MenB ክታበት ጎድናዊ ሳዕቤናት አለዎ’ዶ?

ውላድኪ ኣብ’ታ መርፍእ እተወግኣላ ክፋል ኣካላት ዝተወሰነ መጠን ምቕያሕ ቈርበት፣ ሕበጥ ወይ ልስላሰ ከስዕበሉ ይክእል። ዳርጋ ፍርቂ ካብቶም ነዞም ክታበታት ዝወስዱ ቆልዑ ቀጨውጨው ምባልን ማእከላይ መጠን ረስኒን ከስዕበሎም ይክእል። ተወሳኺ ሓበሬታ ብዛዕባ’ዚ ካብ ሓፈሻዊ ሓኪም፣ ነርስ ወይ ከአ አጋር ሓኪም ክርከብ ይከኣል ኢዩ።



## ብባክተሪያ ዝስዕብ ሕማም ኒሞንያ እንታይ ኢዩ?

ብባክተሪያ ዝስዕብ ሕማም ኒሞንያ ካብቶም ቀንዲ አከተልቲ ብባክተርያ ዝስዕብ ናይ ቆልዑ ኣንቅጺኣንቅጺ፣ ረኽሲ ደም፣ ኒሞንያ፣ ረኽሲ እዝኒ (ነድሪ እዝኒ) ከምኡ ውን ካለኦት ሓደገኛ ሕማማት የስዕብ። ልዕሊ 90 ዝኾኑ ሕማም ኒሞንያ ዘስዕቡ ባክተሪያ ኣለዉ።

## ኣየናይ ዓይነት ክታበት እዩ ዝወሃብ?

እቲ ኣብ ጥቕሚ ዝውዕል ክታበት መበራትዒ መጠንመጠን ክታበት መድሃኒት ናይ PCV13 (ናይ ብባክተሪያ ዝስዕብ ኒሞንያ ረባሕታ ክታበት) ክታበት፣ ካብ 13 ዝተፈላለዩ ዓይነታት ብባክተሪያ ዝስዕቡ ኒሞንያ ይከላኸል፣ እዚኦም ድማ ብተለምዶ ኣብ ቆልዑት ብባክተሪያ ዝስዕብ ሕማም ኒሞንያ ዘስዕቡ እዮም። እዚ ክታበት ኣብ ተመሳሳሊ ምብጻሕ ከም ናይ  Hib/MenC  ከምኡ ውን MenB ክታበት ኣብ ሰለፍ ወይ ካኣ ኣብ ላዕላዋይ ቅልጽም ጭዋዳ ዝወሃብ ኢዩ።

## ክታበት PCV ጎናዊ ሳዕቤናት አለዎ ድዩ?

ካብ 10 ክታበት ዝወሰዱ ቆልዑ፣ 1 ወይ 2 ሕበጥ፣ መቕያሕቲ ወይ ልስላሴ ቆርበት አብ ናይ ክታበት ቦታ ክረአይ ይክእል። እዚ PCV ክታበት Prevenar 13 ተባሂሉ ዝጽዋዕ ኰይኑ፣ ኣብ’ዚ ገጽ መርበብ እዚ ብምእታው ነቲ ንዕኡ ዝምልከት ናይ ተሓከምቲ ሓበሬታ ዘስንቕ በራሪ ጽሑፍ ከተንብብዎ ትኽእሉ ኢኹም አብ www.medicines.org.uk/emc/product/453/pil።

## ንፍዮ እንታይ ኢዩ?

ንፍዮ ብኣዝዩ ተላባዒ ቫይረስ ዝመጽእ እዩ። ዳርጋ ኩሉ በዚ ሕማም ዝተሓዝ ልዑል ረስኒ፣ ሰሓ ከምኡ ውን ብሓፈሻ ስምዒት ሕማምን ይረአዮ። ተደራቢ ሕማም ናይ ንፍዮ ከም ረኽሲ አፍ ልቢ፣ ምንፍርፋር (ወቕዒ)፣ ነድሪ ሓንጎል፣ (ረኽሲ ሓንጎልን) የስዕብ። አብ ሓደገኛ ሕሙማን ንፍዮ ሞት ከስዕብ ይክእል።

## ሕማም ጽግዕ እንታይ ኢዩ?

ሕማም ጽግዕ ብ ቫይሩስ ዝስዕብ ኮይኑ ረስኒ፣ ሕማም ርእሲ፣ ዘቕንዙ ሕበጥ ናይ ጽኪ ኣብ ገጽ፣ ክሳድን መንከስን ከስዕብ ይክእል። ቀዋሚ ጽመት፣ ከቢድ ሕማም ኣንቅጺ ነድሪ ሓንጎል (ነድርን ሕበጥን ናይ ሓንጎል) ከስዕብ ይኽእል።

## ንፍዮ ጀርመንንፍዮ ጀርመን እንታይ ኢዩ?

ንፍዮ ጀርመን (ናይ ጀርመን ንፍዮ) ብ ቫይሩስ ዝስዕብ ሕማም ኢዩ። ኣብ ቆልዑ ቀሊልን ብዙሕ ተርእዮታት ዘይብሉን እዩ፣ ንፍዮ ጀርመን ኣብ ጥኑሳት ኣዴታት ግን ንዘይተወልዱ ዕሸላት ሓደገኛ ኢዩ። ሓንጎሎም፣ ልቦም፣ ናይ ምስማዕን ምርኣይን ዓቕሞም ብኸቢድ ክጎድእ ይኽእል። እዚ ኩነት መፈጠራዊ ኣበር ንፍዮ ጀርመን (congenital rubella syndrome, CRS) ተባሂሉ ይጽዋዕ።

## MMR ክታበት እንታይ ኢዩ?

ዝተዳኸመ ህይወታዊ ናይ ንፍዮ፣ ሕማም ጽግዕን ናይ ንፍዮ ጀርመን ቫይርስን ይሓቑፍ። እቲ ቫይሩስ ዝተዳኸመ ስለዝኾነ ዝተኸትቡ ሕሙማን ንኻልእ ከመሓላልፉ ኣይክእሉን ኢዮም። ኣብ UK 2 MMR ክታበት ኣሎ። ክልቴኡ ኣድማዒ ክኸውን ከሎ ሓደ ፖርሲን ጀላቲን ኣለዎ እቲ ሓደ የብሉን። ውላድኪ/ ውላድካ ፖርሲን ጀላቲን ዘይብሉ ክታበት ኣንተትደልዩ ምስ ሓኪም ምልዛብ የድሊ።

## እቲ ክታበት ብኸመይን መዓስን ይወሃብ?

ክታበት ኣብ ሰለፍ ወይ ከኣ ኣብ ናይ ላዕለዋይ ቅልጽም ጨዋዳ ይወሃብ። ድሕሪ ሓደ ዓመት እቲ ካብ ኣደ ዝርከብ መከላኸሊ ምስተወደኣ እቲ ክታበት ይወሃብ። ካላኣይ መጠን ክታበትመጠን ክታበት ኣብ 3 ዓመትን 4 ወርሕን ናዪ ቆልዓ ቀቅድሚ ትምህርቲ ምጅማር ይወሃብ።



## ክታበት MMR ማዕረ ክንደይ ውጺታዊ ኢዩ?

ክታበት MMR ኣብ 1988 ካብ ዝጅምር ኣትሒዙ ኣብ ዓባይ ብሪጣንያ ኣብ ዝርከቡ ንኣሽቱ ህጻናት ነዞም 3 ሕማማት ኣብ ምጥፋእ ቀንዲ ተሳታፊ ነይሩ።

## ክታበት MMR ጎድናዊ ሳዕቤናት አለዎ'ዶ?

ኣብቲ ክታበት ዘለዉ 3 ዝተፈላለዩ ቫይረሳት ኣብ ዝተፈላለየ እዋን ዝሰርሑ ኮይኖም ድሕሪ ቀዳማይ መጠን ክታበት እዞም ዝስዕቡ ጎናዊ ሳዕቤናት ከስዕቡ ይኽእሉ፤

- 6-10 መዓልቲ ድሕሪ ክታበት፣ ናይ ንፍዮ ክታበት ዝሓዘ ወገን ስርሑ ምስጀመረ ዳርጋ 10 ቆልዑ ረስኒ፣ ናይ ንፍዮ ዝመስል ስሓን ምጉዳል መግቢን ክረአይ ይኽእል
- 1 ካብ 1000 ዝተኸትቡ ቆልዑ ረስኒ ዘስዓቦ ገርጨውጨው ክረኣዮም ይክእል። እዚ ኸኣ ናይ 'ረስኒ ምንፍርፋር' ይበሃል። ነገር ግን ልዕሊ ዝተኸትቡ ዘይተኸትቡ ቆልዑ 3 ጊዜ ን ገርጨውጨው ዝተቃልዑ ኢዮም።
- ድሕሪ 3 ሰሙን ክታበት MMR፣ ሕማም ጽግዕ ዝሓዘ አካል ናይቲ ክታበት ምስጀመረ ሓደ-ሓደ ቆልዑ ሕማም ጽግዕ ዝመስል ምልክታት ( ረስኒን ሕበጥ ጽኪን) ክረአዮም ይኽእል

**MMR እቲ ውሑስ መገዲ ኢዩ ንምክላኻል ሕማም ናይ ውሉድካ** ኣንጻር ንፍዮ፣ ጽግዕ፣ ከምኡ'ውን ንፍዮ ጀርመን።

- ካብ ብዙሕ ግዜ ሓደ ሓደ ቆልዑ ድሕሪ 6 ሰሙን ስሓ ናይ ቁስሊ ዝመስልፈጸጋ ክረአዮም ይኽእል። እዚ ኸኣ ብናይ ንፍዮ ወይ ከኣ ንፍዮ ጀርመን ዝሓዘ ኣካል ናይቲ ክታበት ዝስዕብ ኢዩ። ኸምዚ ዝመስል ቑስሊ እንተሪእኩም ውላድኩም ናብ ሓኪም ውስዱ። እቲ ሓኪም እንታይ ክትገብሩ ከምዘለኩም ነቲ ስሓ ንምጥፋእን ንመጻኢ ንምክልኻልን ሓበሬታ ክነግረኩም ኢዩ።
- ካብ 1/1000000 ዝውሕዱ ቖልዑ ነድሪ ሓንጎልነድሪ ሓንጎል ( ነድሪን ሕበጥን ሓንጎል) ክስዕብ ይኽእል። ነገር ግን ቆልዓ ንፍዮ እንተሒዝዎ ነድሪ ሓንጎል ናይ ምሓዝ ተኽእሎ ሓደ ካብ 200 ወይ ሓደ ካብ 5000 ኢዩ።

## ውላደይ ናይ እንቋቁሖ አለርጂ እንተለዎ'ከ?

ናይ MMR ክታበት ንአለርጂ ናይ እንቋቁሖ (anaphylactic reaction) ዘለዎም ቆልዑ ብቐሊሉ ክወሃብ ይከኣል ኢዩ። ዝኾነ ሕቶ እንተሎ ንኣጋር ሓኪም፣ ነርስ ወይ ሓኪም ተወከሱ።

## ክታበት MMR ጀላቲን ኣለዎ'ዶ?

ኣብ UK, 2 ብጽቡቕ ዝሰርሑ ናይ MMR ክታበት ኣለዉ ። ሓዲኦም ፖርቺን ጀላቲን ኣለዎ እቲ ሓደ የብሉን። ፖርቺን ጀላቲን ዘይብሉ ትደሊ እንተኮንኪ ንሓኪም ወይ ነርስ ተወከሲ። ሓበሬታ ናይ MMR ክታበት ሕሙማን ኣብ ተበታኒ ወረቐት ናይዚ ዝስዕብ ምውካስ ይከኣል:

**Priorix:**
www.medicines.org.uk/emc/product/1159/pil

**MMRVAXPRO:**
www.medicines.org.uk/emc/product/6307/pil

# ካብ ሕማም ኣንቅጽን ኣንቅጺ ረኽሲ ደምን ተጠንቀቕ

ክልቲኦም ኣንቅጺኣንቅጽን ረኽሲ ደምረኽሲ ደምን ሓደገኛታት ሕማማት ኢዮም። ምልክታት ናቲ ሕማም ምፍላጥ ኣገዳሲ ኢዩ እንታይ ክትገብር ከምዘለካ ስለዝረድኣካ።

ናይ መጀመርያ ምልክታት ናይ ኣንቅጺኣንቅጽን ረኽሲ ደምን ንሰዓልን ጉንፋዕን ዝመሳሰል ክኸውን ይኽእል(ረስኒ፣ ተምላስ፣ ቀጨውጨውን፡ ስእነት ዕረፍቲን)።

ኣንቅጺኣንቅጽን ረኽሲ ደምን ዘለዎም ኣብ ቁሩብ ስዓታት ሓደገኛ ህማም ክሕዞም ስለዝክእል ምልክታት ምፍላጥ ኣገዳሲ ኢዩ።



## ኣንቅጺኣንቅጺ እንታይ ማለት'ዩ?

ኣንቅጺ ረኽሲ ሽፋን ሓንጎል ኢዩ። ኣንቅጺ ብዝተፈላለዩ ቫይረስን ባክተችያን ይሰዕብ።

ረኽሲ ናይ  ኣንቅጺ ባክተርያ ኣንቅጺ፣ ረኽሲ ደምረኽሲ ደም (ምረዛ ደም)፣ ፐሪካርዲቲስ ( ነድሪ ሳጹን ልቢ)ን ኣርቲሪቲስ ( ነድሪ መላግቦ)።

ኣብ ዕሸላት፣ ቀንዲ ምልክታት ሕማም ኣንቅጺ ነዞም ዝስዕቡ የጠቓልል፤

- መሪር ብኽያት፡ ኣዝዩ ዝነውሐ ብኽያት
- ቐጨውጨውታ ኣብ ግዜ ምሕቋፍ
- ሕበጥ መንበስበስታ
- ትኽስ ምባልን ምልሽ ዘይህብ ምኺንን-- ምትሳእ ምስእንን
- ለምባእባ ምባልን ዓቅሚ ምሳንን
- ድርቀት ምስ ዘይውሑስ ምንቅስቓስ (ምንፍርፋር/fits)
- ምግቢ ምእባይን ተምላስን
- ቆርበት ናብ ቀያሕታይ ወይ ሰመያዊ ምቅያር
- ረስኒ



## ረኽሲ ደም እንታይ ማለት’ዩ?

ረኽሲ ደም ዋሕዚ ደም ምስ ዝልከፍ ከጋጥም ዝኽእል ኣዝዩ ከቢድ ኩነታት ናይ ሕማም እዩ። ምልክታት ዝሑል ኢድን እግሪን፣ ቀያሕታይ ቆርበት፣ ተምላስ፣ ትክስ ምባልን ምትሳእ ምሳንን ኢዩ። ረኽሲ ደም እንተጠርጢርኪ ብቕልጡፍ ሓገዝ ምድላይ።

ኣብ ዕሽላት፡ ቀንዲ ምልክታት ረኽሲ ደም ነዞም ዝስዕቡ የጠቓልል፤

- ቅልጡፍ ወይ ዘይንቡር ኣገባብ ምትንፋስ
- ፍሕሽው ቆርበት፡ ንጣብ-ንጣብ ዘለዎ ወይ ሰማያዊ ዝቖየር
- ረስኒ ምስ ዝሑል ኢድን እግርን
- ምንቅጥቃጥ
- ተምላስን መግቢ ምእባይን
- ቀይሕን ሊላን ዘይሃስስ ምልክታት ኣብ ቆርበት (ናይ መስተያት መርመራ ግበር ኣብ ዝቕጽል ተዘርዚሩ ኣሎ)*
- ቃንዛን ቀጨውጨው ምባል ብሰንኪ ናይ ጨዋዳን መላግቦን ኣእዳውን ኣእጋርን ቃንዛ
- ለምባእባ ምባል
- ምሒር ድቃስ

ኩሉ ነዚ ምልክታት የርእይ ማለት ኣይኮነን ብተወሳኺ ኩሉ ምልክታት ኣብዚ ኣይተጠቕሰን። እዚ ምልክታት ምስ ዝረአይ ብፍላይ ቀይሕ ወይ ሊላ ነጠብጣብ ምስ ዝረአ ብቕልጡፍ ናይ ሕክምና ሓገዝ ምድላይ። ምስ ዶክተርኪ ክትራከቡ እንተዘይተካኢሉ ናብ ዝቀረበ ህጹጽ ረዲት ናይ ሆስፒታል ምኻድ።

* ኣብ ጸሊም ቆርበት፣ ውሽጢ ከበሮ ዓይኒ ወይ ከኣ ኣብቲ እቲ ነጥብጣብ ብዝያዳ ዝረኣየሉ ትንሓግ ናይ ኣፍ መርምር

## ናይ 'መስተያት ምርመራ'



እቲ ናይ ቆርበት ተውሳስ ዝሃስስን ሕብሪ ዝቕይርን እንተኾይኑ ክትዕዘብ፡ ብጎድኒ ዝሓዝዝካዮ ቢኬሪ፡ ብደገ ዘሪኢ ንጹር ናይ መስተ ብርጭቆ፡ ጌርካ ኣብቲ ክፋል ገጽካ ጽቐጦ። ሕብሪ ዘይቅይር እንተኮይኑ ናብ ሓኪምካ ተወከስ።

## ተወሳኺ ሓበሬታ ኣበይ ክረክብ ይኽእል?

እዞም ዝስዕቡ ግብረሰናያት፣ ሓበሬታ ምኽሪን ሓገዝን ይህቡ፡

**Meningitis Research Foundation**
ነጻ መስመር 080 8800 3344
(9ቅ.ቀ ክሳብ 10ድ.ቀ ኣብ ናይ ስራሕ መዓልታት፣
10ቅ.ቀ ናብ 8ድ.ቀ ናይ ዕረፍቲ መዓልቲን በዓልን ዘጠቃለለ)
www.meningitis.org

**Meningitis Now**
24 ሰዓት ሓገዝ 0808 8010 388
www.meningitisnow.org

ሕኪምኪ ውን ክትውከሲ ትኽእሊ፣ ካብ ነርስ ወይ ኣጋር ሓኪም ምኽሪ ንምርካብ፣ ናብ **NHS** on **111** ደውል።

**ብመገዲ Yellow Card scheme እውን ብዛዕባ እትጥርጥርዎም ጐድናዊ ሳዕቤናት ክታበታትን መድሃኒታትን ሓበሬታ ከተመሓላልፉ ትኽእሉ ኢኹም።**

SCAN ME

እዚ ብኢንተርነት ክግበር ይከኣል ኣብ **yellowcard.mhra.gov.uk** ብምብጻሕ ወይ ድማ ናብ መስመር ቴሌፎን ብጫ ካርድ ብምድዋል **0800 731 6789**።
እቲ QR ኮድ ወይ ድማ Yellow Card app ብምውራድ እውን ክትጥቀመሉ ትኽእል ኢኻ።

# ካብ መስከረም 2024 ጀሚሩ ስሩዕ መደብ ክታበታት ህጻናት

| ክታበት ዝወሃበሉ ዕድመ | ክታበት ዝወሃበሎም ሕማማት | ዝተዋህበ ክታበት |
|---|---|---|
| ሸሞንተ ሰሙናት ዝዕድሚኦም | ውሽጣዊ ቊስሊ ጐረሮ (ዲፍተሪያ)፣ ቴታኑስ፣ ፐርቱሲስ (ብርቱዕ ሑእታ)፣ ፖልዮ፣ ሄሞፊለስ ኢንፍሉዌንዛ ዓይነት-B (Hib) ከምኡ'ውን ሕማም ወይቦ ዓይነት-B | DTaP/IPV/Hib/HepB |
| | ብባክተሪያ ዝስዕብ ሕማም ኣንቅጺ ጉጅለ-B (MenB) | MenB |
| | ሮታ-ቫይረስ ዝጠንቁ ነድሪ ኣምዑት (Rotavirus gastroenteritis) | Rotaviru s[2] |
| ዓሰርተ-ክልተ ሰሙናት ዝዕድሚኦም | ውሽጣዊ ቊስሊ ጐረሮ፣ ቴታኑስ፣ ብርቱዕ ሑእታ፣ ፖልዮ፣ Hib፣ ከምኡ'ውን ሕማም ወይቦ ዓይነት-B | DTaP/IPV/Hib/HepB |
| | ከቢድ ሕማም ሳንቡእ ከስዕብ ዝኽእል ነድሪ ሳንቡእ (ናይ 13 ጅራት) | ጥሙር ክታበት ከቢድ ሕማም ሳንቡእ ከስዕብ ዝኽእል ነድሪ ሳንቡእ (PCV) |
| | Rotavirus | Rotavirus ረ[2] |
| ዓሰርተ-ሽዱሽተ ሰሙናት ዝዕድሚኦም | ውሽጣዊ ቊስሊ ጐረሮ፣ ቴታኑስ፣ ብርቱዕ ሑእታ፣ ፖልዮ፣ Hib፣ ከምኡ'ውን ሕማም ወይቦ ዓይነት-B | DTaP/IPV/Hib/HepB |
| | MenB | MenB |
| ደቂ-ሓደ-ዓመት (ኣብ ፈላሚት ዕለት ዓመት ልደት ህጻን ወይ ብድሕሪኡ) | Hib ከምኡ'ውን MenC | Hib/MenC |
| | ከቢድ ሕማም ሳንቡእ ከስዕብ ዝኽእል ነድሪ ሳንቡእ | ኣበራታዒ ጥሙር ክታበት ኒሞኮካስ (PCV) |
| | ንፍዮ፣ ጽግዕ፣ ከምኡ'ውን ንፍዮ ጀርመን (ንፍዮ ጀርመን) | MMR |
| | MenB | ኣበራታዒ MenB |
| ተቐባልነት ዘለዎም ክሊ ዕድመታት ህጻናት[4] | ኢንፍሉዌንዛ (ዓመታዊ ካብ ወርሒ መስከረም ንዳሓር) | ክታበት ናይ እተዳኸሙ ህያዋን ቫይረስ ዝሓዘ ኢንፍሉዌንዛ LAIV[3,6] |
| ደቂ-ሰለስተ-ዓመትን-ኣርባዕተ-ኣዋርሕን ምስ ኰኑ ወይ ደድሕሪኡ | ውሽጣዊ ቊስሊ ጐረሮ፣ ቴታኑስ፣ ብርቱዕ ሑእታ ከምኡ'ውን ፖልዮ፡ | dTaP/IPV |
| | ንፍዮ፡ ጽግዕ፣ ከምኡ'ውን ንፍዮ ጀርመን | MMR (ኣብ'ቲ ዝወሃበ ቀዳማይ መድሃኒታዊ ዓቐን ምልክት ግበሩ) |
| ካብ ዓሰርተ-ክልተ ክሳብ ዓሰርተ-ሰለስተ ዓመት ዝዕድሚኦም ኣወዳትን ኣዋልድን | ብፍሉያት ዓይነት ንሰብ ዘጥቅዑ ቫይረሳት ፓፒሎማ (HPV) ዝስዕብ መንሽሮን ኣብ ከባቢ ብልዕቲ ዝወጽእ ጡብ-ኣድግን | HPV[5] |
| ዓሰርተ-ኣርባዕተ ዓመት ዝዕድሚኦም (ተማሃሮ 9ይ ክፍሊ) | ቴታኑስ፣ ውሽጣዊ ቊስሊ ጐረሮ ከምኡ'ውን ፖልዮ | Td/IPV (ኲነታት MMR ፈትሹ) |
| | ብባክተሪያ ዝስዕብ ሕማም ኣንቅጺ ጉጅለታት A፣ C፣ W ከምኡ ውን Y | MenACWY |

**[1]** IM መርፍእ ምውጋእ ኣብ ደልቶይድ ጭዋዳ ኣብ ላዕለዋይ ኢድ ወ ከኣ (ኣንተሮላተራል) ዝርከብ ሰለፍ. **[2]** ሮታ ቫይሩስ ክትበት (SCID) ምርመራ መልሲ ድሕሪ ውካስ ይወሃብ **[3]** ፖርሲን ጀላቲን ይሓቁፍ. **[4]** ዓመታዊ ናይ ጉንፋዕ ኲነት ኣብ ዝስዕብ ተወከስ: www.gov.uk/government/collections/annual-flu-programme. **[5]** ብዛዕባ ክታበት ናይ ስርዓት ምኽልኻሎም ዝተዳኸመ መናእሰይ 3 መጠን ክታበት ዘድልዮም ቀጠልያ መጽሓፍ እዝባር 18a ተወከስ. **[6]** LAIV (ላይቭ ኣቲኑዌተድ ቫክሲን) ዝጻረር ወይ ዝግባእ እንተኾይኑ ዘይሂወታዊ ናይ ኢንፉወንዛ ክታበት ተጠቀም (ን ተወሳኪ ሃበሬታ ቀጠልያ መጽሓፍ እዝባር 19 ተወከስ)። **[7]** ን ግቡእ ዕድመን ስረዓተ ምክልኻሎም አዝዩ ዝተዳኸመን ን ልዕሊ 50 ዕድመ ዝምልከት ቀጠልያ መጽሓፍ 28a ተወከስ.

## ከም’ዘም ኣብ ታሕቲ ተዘርዚሮም ዘለዎ ዓይነት ጥዕናዊ ኲነታት ንዘለውዎም ሰባት ዝወሃቡ ተወሰኽቲ ክታበታት

| ጥዕናዊ ኲነታት | ክታበት ዝወሃበሎም ሕማማት | ዘድሊ ዓይነት ክታበት[1] |
|---|---|---|
| ኣስፕሊንያ ወይ ፍሽለት ቆስጠ (እንተላይ ተወርሶኣዊ ሕማም ዋሕዲ ደም ከምኡ’ውን ሕማም ፍሽለት መዓንጣዊ ምሕቃቕ መግቢ) | ብባክተሪያ ዝስዕብ ሕማም ኣንቅዒ ጕጅለታት A፣ C፣ W ከምኡ ውን Y ከቢድ ሕማም ሳንቡእ ከስዕብ ዝኽእል ነድሪ ሳንቡእ ኢንፍሉዌንዛ | MenACWY MenB PCV13 (ክሳብ 10 ዓመት ዝዕድሚኦ)[2] PPV23 (ካብ ደቂ-2-ዓመት ንላዕሊ) ዓመታዊ ክታበት ኢንፍሉዌንዛ |
| ብመጥባሕቲ እዝኒ ኮክሊያ እተገብረሎም ሰባት | ከቢድ ሕማም ሳንቡእ ከስዕብ ዝኽእል ነድሪ ሳንቡእ | PCV13 (ክሳብ 10 ዓመት ዝዕድሚኦ)[2] PPV23 (ካብ ደቂ-2-ዓመት ንላዕሊ) |
| ሕዱራት ጸገማት ስርዓት-ትንፋስን ልብን (ንኣብነት፦ ከቢድ ኣዝማ፡ ሕዱር ሕማም ሳንቡእ፡ ከምኡ’ውን ፍሽለት ልቢ) | ብባክተሪያ ዝስዕብ ሕማም ኒሞንያ ኢንፍሉዌንዛ | PCV13 (ክሳብ 10 ዓመት ዝዕድሚኦም)[2] PPV23 (ካብ ደቂ-2-ዓመት ንላዕሊ) ዓመታዊ ክታበት ኢንፍሉዌንዛ |
| (ንኣብነት፦ ሕማም ፓርኪንሶንስ ድዩስ ካልእ መትነ-ንጥፈታዊ ሕማም ወይ ትምህርታዊ ዓቕሚ ዝድርት ስንክልና ኣእምሮ) | ከቢድ ሕማም ሳንቡእ ከስዕብ ዝኽእል ነድሪ ሳንቡእ ኢንፍሉዌንዛ | PCV13 (ክሳብ 10 ዓመት ዝዕድሚኦ)[2] PPV23 (ካብ ደቂ-2-ዓመት ንላዕሊ) ዓመታዊ ክታበት ኢንፍሉዌንዛ |
| ሕማም ሽኮር | ከቢድ ሕማም ሳንቡእ ከስዕብ ዝኽእል ነድሪ ሳንቡእ ኢንፍሉዌንዛ | PCV13 (ክሳብ 10 ዓመት ዝዕድሚኦም)[2] PPV23 (ካብ ደቂ-2-ዓመት ንላዕሊ) ዓመታዊ ክታበት ኢንፍሉዌንዛ |
| ሕዱር ሕማም ኲሊት (CKD) (እንተላይ ሕጽበት ሆሞፊልያ) | ከቢድ ሕማም ሳንቡእ ከስዕብ ዝኽእል ነድሪ ሳንቡእ (ደረጃ 4 ከምኡ’ውን 5 CKD) ኢንፍሉዌንዛ (ደረጃ 3፡ 4 ከምኡ’ውን 5 CKD) ሕማም ወይቦ ዓይነት-B (ደረጃ 4 ከምኡ’ውን 5 CKD) | PCV13 (ክሳብ 10 ዓመት ዝዕድሚኦ)[2] PPV23 (ካብ ደቂ-2-ዓመት ንላዕሊ) ዓመታዊ ክታበት ኢንፍሉዌንዛ ሕማም ወይቦ ዓይነት-B |
| ሕዱር ጸገም ናይ ጸላም ከብዲ | ከቢድ ሕማም ሳንቡእ ከስዕብ ዝኽእል ነድሪ ሳንቡእ ኢንፍሉዌንዛ ሕማም ወይቦ ዓይነት-A ሕማም ወይቦ ዓይነት-B | PCV13 (ክሳብ 10 ዓመት ዝዕድሚኦ)[2] PPV23 (ካብ ደቂ-2-ዓመት ንላዕሊ) ዓመታዊ ክታበት ኢንፍሉዌንዛ ሕማም ወይቦ ዓይነት-A ሕማም ወይቦ ዓይነት-B |
| ሕማም ዛሕዛሕታ ደም (ጸገም ምርጋእ ደም) | ሕማም ወይቦ ዓይነት-A ሕማም ወይቦ ዓይነት-B | ሕማም ወይቦ ዓይነት-A ሕማም ወይቦ ዓይነት-B |
| ሕማም ወይ መስርሕ ፍወሳ-ዝጠንቁ እተዳኸመ ስርዓት-ምክልኻል-ሕማማት[4] | ከቢድ ሕማም ሳንቡእ ከስዕብ ዝኽእል ነድሪ ሳንቡእ ክታበት ቫይረሳዊ ነድሪ ቆርበት ኢንፍሉዌንዛ | PCV13 (ክሳብ 10 ዓመት ዝዕድሚኦም)[2,3] PPV23 (ካብ ደቂ-2-ዓመት ንላዕሊ) Shingrix – ልዕሊ 50 ዓመት ንዝዕድሚኦም[5] ዓመታዊ ክታበት ኢንፍሉዌንዛ |
| ምዝባዕ ፈሳሲ ስርዓት-ጽኪ (እንተላይ እቶም ትሕዝቶ ፈሳሲ ስርዓት-ጽኪ ናይ ምቍጽጻር ፍወሳ ዝካየደሎም ሰባት) | ብባክተሪያ ዝስዕብ ሕማም ኣንቅዒ ምድባት A፣ C፣ W ከምኡ ውን Y ከቢድ ሕማም ሳንቡእ ከስዕብ ዝኽእል ነድሪ ሳንቡእ ኢንፍሉዌንዛ | MenACWY MenB PCV13 (ክሳብ 10 ዓመት ዝዕድሚኦ)[2] PPV23 (ካብ ደቂ-2-ዓመት ንላዕሊ) ዓመታዊ ክታበት ኢንፍሉዌንዛ |

**[1]** እቲ ግቡእ ኣካል ናይ ቀጠልያ መጽሓፍ ተወከስ ንፍሉይ ግዜ ሰሌዳ ንምርኣይ፤ www.gov.uk/government/collections/immunisation-against-infectious-disease-the-green-book. **[2]** ካብ 2-10 ዓመት ዘይተኸትቡ ወይ ምሉእ ዘይተኸትቡ ቆልዑ ኣንጻር ረኽሲ ብባክተሪያ ዝስዕብ ሕማም ኒሞንያ ሓደ መጠን ክታበት ናይ PCV13 ሃብ። **[3]** ኣብ ዝኾነ ዕድመ ዝርከቡ ብጣዕሚ ስርዓተ ምክልኻሎም ዝተዳከመ። **[4]** ዓመታዊ ናይ ኢንፍሉወንዛ ክታበት ንኣባላት ስድራቤትን ኣለይቲ ሕሙማንን ምሃብ ኣብ ግምት ኣእቱ። **[5]** ቀጠልያ መጽሓፍ ጽዝባር 28a ተወከስwww.gov.uk/government/publications/shingles-herpes-zoster-the-green-book-chapter-28a.

# ዝተመርጹ መደባት ክታበት ህጻናት

| ሽቶ እተገብረሎም ጉጅለታት | ዕድመን ሰሌዳ ግዜ ክታበትን | ሕማም | ዘድሊ ክታበት |
|---|---|---|---|
| ብሕማም ወይቦ ዓይነት-B ካብ እተለኽፉ ኣዴታት እተወልዱ ህጻናት | ምስ ተወለዱ፣ ድሕሪ ኣርባዕተ ሰሙናት፣ ከምኡ'ውን 12 ኣዋርሕ ምስመልኡ[1,2] | ሕማም ወይቦ ዓይነት-B | ናይ ሕማም ወይቦ ዓይነት-B (Engerix B/HBvaxPRO) |
| ተርእዮ ሕማም ዓባይ ሰዓል ኣብ ዘለዎም ከባቢታት ናይ'ዚ ሃገር ዝነብሩ ናጽላታት፣ ማለት መጠን ተርእዮ >= 40/100,000 ኣብ ዘለዎም ከባቢታት | ናይ ከባቢ 28 መዓልትታት ዕድመዘለዎም[4] | ሕማም ዓባይ ሰዓል | BCG |
| ልዑል ተርእዮ ናይ'ዚ ሕማም ካብ ዘለዎ ሃገር ዝመጹ ወለዲ ወይ ኣባሓጎታትን ዓባይን ዘለውዎም ናጽላታት[3] | ናይ ከባቢ 28 መዓልትታት ዕድመዘለዎም[4] | ሕማም ዓባይ ሰዓል | BCG |
| ብክሊኒካዊ መገዲ ምስ ተኣፋፊ ጥዕናዊ ጉጅለ ዝምደቡ ህጻናት | ዕድሚኦም ካብ 6 ኣዋርሕ ክሳብ 17 ዓመት ዝኾነ | ኢንፍሉዌንዛ | ክታበት LAIV ወይ ዘይንጡፍ ክታበት ኢንፍሉዌንዛ፤ ማለት LAIV ክወሃብ ሓኪም ምስዘይድግፎ ወይ ዕድመ ናይ ዝኽተቡ ትሕቲ 2 ዓመት ምስዝኸውን |
| ነፍሰ-ጾራት ደቂ ኣንስትዮ | ኢንፍሉዌንዛ ኣብ ዝረኣየሉ ወቕቲ - ኣብ ዝኾነ ይኹን ደረጃ ጥንሲ ንዝርከባ ደቀ'ንስትዮ | ኢንፍሉዌንዛ | ዘይንጡፋት ቫይረሳት ዝሓዘ ክታበት ኢንፍሉዌንዛ |
| | ካብ መበል 16 ሰሙን ናይ ጥንሲ[5] | ፐርቱሲስ | Tdap ወይ dTaP/IPV |
| | ካብ 28 ሰሙናት ናይ እዋን ጥንሲ | RSV | ክታበት RSV |

**[1]** ኣብ 12 ወርሒ ረኽሲ ንምውጋድ ን HbsAg ደም ውሰድ። **[2]** ብተውሳኺ ክታበት hexavalent (Infanrix hexa ወይ Vaxelis) ኣብ 8፣ 12 and 16 ሰሙን ይወሃብ። **[3]** ዓመትዊ ሓድሽ ተርእዮ ሕማም ቲቢ >= 40/100,000 – ተወከሱ ኣብ www.gov.uk/government/publications/tuberculosis-tb-by-country-rates-per-100000-people. **[4]** ቅድሚ BCG ምሃብ ናይ SCID መርመራ መልሲ ተወከስ። **[5]** ቅድሚ 32 ኣዋርሕ ናይ ጥንሲ እንተተወሃበ ጽቡቕ ኢዩ ግን ድሕሪ 32 ኣዋርሕ ውን ክወሃብ ይከኣል።

Produced by
UK Health Security Agency

© Crown copyright 2024
2024QG1TIG Tigrinya 1p 500K AUG 2024
UK Health Security Agency gateway number: 2024519

እዚ መጀመርታ ኣብ 2019 ተሓቲሙ።

ተወሳኺ ቕዳሕ ወይ ከኣ ጽሑፋት እንተደሊኹም፣ ንመስመር ትእዛዝ Health Publications ንምርካብ ኣብዚ ዝስዕብ www.healthpublications.gov.uk ተወከሱ ። Ph1: 0300 123 1002።
Minicom: 0300 123 1003 (8ቅ.ቀ ክሳብ 6ድ.ቀ፣ ሰኑይ ክሳብ ዓርቢ)።

ናይ ፍርያት ኮድ፡ 2024QG1TIG Tigrinya

www.nhs.uk/vaccinations